# ዜና ብምኽንያት ኣብ ከተማ ሮተርዳም ዝተኻየደ ህዝባዊ ኣኼባ።





ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ ጨንፈር ሆላንድ፡ ኣብ ከተማ ሮተርዳም ብዕለት 24-11-2018ዓ.ም. ካብ ኩለን ከተማታት ሆላንድ ዝመጹ ኤርትራውያን ዝተሳተፍዎ ሰፍሕ ህዝባዊ ኣኼባ ኣካይዱ። ነቲ ኣኼባ ዝመርሕዎ ኣርባዕተ ኣባላት ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ፡ ንሳቶም ድማ ደክቶር ዩሰፍ ብርሃኑ፣ ኣሕመድ ነጋሽ፣ መኮነን ተኽለ ከምኡውን ተጋዳሊት ኣስገደት ተስፍዮውሃንስ እዮም።

ኣብ መኽፈቲ ናይ ኣኼባ ሓው መኮነን ተኽለ፡ ሰላምታ ድሕሪ ምቅራብ፡ ኣጀንዳን ዕላማ ናይቲ ሓፈሻዊ ህዝባዊ ኣኼባ ሓቢሩ። ኣስዒቡ ድማ ሓው ዶክቶር የሱፍ ብርሃኑ፡ ህልው ኩነታት ሃገርናን; እቲ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ተበጺሑ ዘሎ ስምምዕ ሰላምን ኣብ መንጎ ክልተ ዘይተመጣጠነ ዓቅምታት ዘለውን ሃገራት፡ ብቐንዱ ትካላዊነትን ንጹርነትን ዝጎደሎ ኣካይዳ ምህላው ዘሰዓቦ ስግኣት ኣመልኪቱ ዓሚቅ መብርሂ ኣቕሩቡ። ብሸነኽ ኢትዮጵያ ዝሓሸ ንጹር ዝኾነ ስራሕ ብመንግስታዊ ትካላት ተቓንዩ የካይዱ ምህላዎም ይርኤ፡ ብወገን ኤርትራ ግን፡ ዝኾነ ዓይነት ሃገራዊ ትካላት ዘይትውንን፡ ብናይ ሓደ ሰብ ድሌት እትማሓደር ተሓታትነትን ንጹርነትን ዝጎደላ ኣካይዳ ምህላዉ ኣብሩሁ፡ ስለ`ዚ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝነብሩ ኤርትራውያን እዚ ሰላም`ዚ እንታይ ሒዝልና ኮን ይህሉ ብምባል ብዛዕባ መጻኢ ዕድል ሃገሮምን ዞባናን ሻቕሎቶም ብዝተፈለለየ ኣገባብ ይገልጹ ኣለው ኢሉ።

ኣስዒቡ ድማ ሓው መሓመድ ነጋሽ ኣገዳስነት ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ ከም ሐደ ሰፍሕ ሃገራዊ ጽላልን ተደላይነቱን ሕጋውነቱን ኣብሪሁ። ባይቶ ኣብ ኩሉ ኩርነዓት ዓለም ዝነብሩ ልዕሊ 600 ተወከልቲ ናይ ዝተፈላለዩ ኤርትራዊ ዝንባለታት ውዳቤን ዝተሳተፍዎን፡ ብግዲኦም ዝምርሑሉ መደባትን ወከልቶም ዝመረጹሉን እዩ ድሕሪ ምባል፡ ዝኾነ ንባይቶ ዘጋነፎ ጽገማት ድማ ኣብ ካልኣይ ሃገራዊ ገባኤ

ቀሪቡ መፍትሒ ክርከቦ ይከኣል`ዩ ኢሉ። ባይቶ ሓደ ዓቢን ኣገዳሲ ናይ ህዝቢና ናይ ቃልሲ መኸሰባት ስለዝኮነ ብዝተኻእለ መጠን ንቀጻልነቱ ብዕቱብ ክንሰርሕ ይግባእ ብምባል ኣብሪሁ።

ከምኡውን ተጋዳሊት ኣስገደት ህዝቢና ብጠቕላላ ኣብ ኩሉ መደባት ዋና ከይኑ ብምስታፍ ዕዉት ጉባኤ ንምክያድ ዓቢ ተራ ከምዝለዎም ሓቢራ፣ ብፍላይ ድማ ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ ኣብ ምምራሕን ምዕዋት ሰውራ ግደ ከምዝነበረን፣ ኣብቲ ኣብ ኣዋሳ ዝተኻየደ  ቀዳማይ ጉባኤ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ኣብ ምድላው ደራኺ ሓይሊ ከም ዝነበራ ኣዘኻኺራ።

ኣኼበኛታት  ብምቕጻል ኣብ'ቲ ብኣባላት ኤሃባደለ ዝቐረብሉ ፖለቲካዊ ገምጋም ህልዊ ኩነታት ኤርትራን ምድላው ካልኣይ ሃገራዊ ገባኤ ንምክያድ ብኣባላት ባይቶ  ድሕሪ ምስማዕ ዕቱብ ሓላፍነታዊ ምይይጥ ኣካይዶም። ኣገደስቲ ሓባራዊ ተረድኦታት ድማ ተመዝጊቡ።

ንኣኼባ ዝመርሑ ዝነበሩ ኣባላት ባይቶ ድሕሪቲ፣ ካብ ህዝቢ ዝቀርቡ ዝነበሩ ሕቶታትን ርእይቶታትን ነቀፌታዊ ደገፍን ብዕምቆት ድሕሪ ምስማዕን መልሲ ሂቦም። ብቀጻሊ ከምዚኦም ዓይነት ኣኼባታት ምስ ህዝቢ ክካይዱ ምኻኖም ሓቢሮም። ንኩሉ ባይቶ ዘካይዶም ስርሓት ብመራከቢ ብዙሓት( ብመልክዕ ዜና ኣብ ወብሳይት፣ ፋስ-ቡክ፣ ፓልቶክ) ክቃላሕ ብምግባር፣ ብቀረባ ምስ ህዝቢ ክሰርሑ ምኻኖም ኣስሚሮምሉ።

ኣብ መዛዘሚ ናይቲ ኣኼባ ድማ ነቶም ካብ ፍቀዶ ቦታ ነዚ ኣኼባ ክሳትፉ ዝመጹ ህዝቢ፣ ድኻሞም ከይ ጸብጸቡ ሕጅው`ን መደባት ባይቶ ንክዕወት  ኩሉ መዳያዊ ድግጋፍ ንምሃብ ድልውነቶም ብምሕባሮም ዕዙዝ ምስጋና ኣቕሪቡ።

ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ጨንፈር ሆላንድ 25-11-2018

## تقرير اخبار

**عقد** المجلس الوطنى الارترى للتغيير الديمقراطى يوم السبت الموافق 24-11-2018 بمدينة روتردام الهولندية اجتماع جماهير عام ومفتوح وكان الاجتماع تحت اشراف اعضاء المجلس الوطنى الارترى فى هولندا بحضور كل دكتور يوسف برهان  والاستاذ احمد نقاش واستاذ مكونن تخلى والاخت المناضلة اسقدت هبتى ماريام .



وافتتح الجلسة الاخ مكونن تخلى موضحا بنود الاجتماع والهدف من هذا اللقاء الجماهيرى ثم تحدث الاخ يوسف برهان موضحا اوضاع الراهنة للوطن واتفاق السلام بين ارتريا واثيوبيا وكما قدم تحليل عميق حول السلام الغيير متكافئ من حيث المؤسسات والوضوح والشفافية ،اذا كان فى الجانب الاثيوبى كثير من الوضح والشفافية امام مؤسسات الدولة الا ان فى ارتريا يكتنفه الكثيرمن الغموض، وعدم الوضوح ، بل ان الشعب الارترى لم يشرح له اى شى حول هذا السلام. لذا ان الشعب الارترى فى الداخل والخارج فى غلق شديد حول السلام ومآلاته وتدعياته فى مستقبل الوطن والمنطقة .

ثم تحدث الاخ احمد نقاش يتفصيل حو اهمية المجلس الوطنى الارترى كمظلة نضالية عامة اكتسبت شرعيتها من مؤتمر عام حضره اكثر من 600 ارترى من مختلف مناطق العالم والمكونات الارترية ثم قال ان معالجات اشكاليات المجلس تتم فى مؤتمره العام الثانى المزمع عقده وتجديد شرعية هذه المظلة التى وصفها بانها من منجزات الشعب الارترى التاريخية التى يجب الحفاظ عليها .

كما تحدثت الاخت اسقدت حول اهمية مشاركة الجماهير فى فعاليات المجلس الوطنى ومؤتمره الثانى وكذلك على اهمية النساء فى المشاركة من اجل نجاح العمل النضالى كما كان للمرأة الارترية دور كبير فى نجاح المؤتمر العام فى اواسا الذى تمخض عنه المجلس الوطنى الارترى للتغيير الديمقراطى .

كما شارك عدد من الحضور فى اثراء النقاش من خلال المدخلات والاستفسارات والتوصيات وركز الكثير من الحضور على اهمية المجلس وعقد المؤتمر الثانى للحفاظ على مشروعية النضال من اجل انقاذ الوطن واقامة دولة القانون ثم اكد الحضور دعمهم للمجلس الوطنى الارترى للتغيير الديمقراطى .

المجلس الوطنى الارترى

هولندا - روتردام

2018-11-25